ዕለት፡- 5/5/1998 ዓ.ም.ግ
15/01/2006

ናብ፡- ብፁዓን ሊቃነ ጳጳሳት፡ ጳጳሳት፡ ኤጲስ ቆጶሳት
ካህናት ሲኖዶስ ኤርትራ

ኣቐዲመ መንፈሳዊ ሰላምታይ እብጽሓኩም እብል።

ኣስዒበ ድማ ብዕለት 05/05/1998 ዓ/ም/ግ/ 13/01/2006 ዓ.ፈ. ብቁጽሪ 04/235/4428 ዝጸሓፍኩሙለይ ካብ ፓትርያርክ መንበረ ኣውሪድናካ ዝብል ካብ ቀኖና ቤተ ክርስትያን ካብ ዲድስቅልያ ካብ ፍትሐ ነገሥት ቀሌመንጦስ ወጻኢ ዝኾነ ዘይሕጋዊ ውሳኔኹም በጺሑኒ።

ስለዚ እቲ ካብ መንበረ ምውራድ ብሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኩነ ብፍትሐ ነገስት ፓትርያርክ።

ሀ. ብዝሙት

ለ. ብእምነት ምኑፋቅ

ሐ. ብሰንከልና ማለት ክሰርሕ ዘይኽእል እንተኾነ ጥራይ እዩ ክወርድ ዝኽእል እምበር በቲ ዝጠቐስኩሙዎ እንኪዕ ካብ መንበረ ክውርደኒ ዘየሕተትኒ'ውን እዩ፤ እዚውን ተሰቒርኩም ኣይከነን ልዕሊ ሕጊ ክትንብሩ ስለዝደለኹም ጥራይ እዩ ማንም ድማ ልዕሊ ሕጊ ክትብር ዝኽእል የለን ክመይ ሕጊ እንተረጊጽካዮ መሊሱ እዩ ዝረግጸካ ብምንባል እምነት እንተኾነውን እምነትና ተሓቲቱ መልሲ ክይሃብኩ ብዝገን ካልእ ኸኣ እዚ ኣሰኻ ክይተብሃለኩ ኣብዚውን ዝማስሉ መልሲ ክይሃብኩ ክይተሓተትኩ ብዕልኻትኩም ክሰሰቲ ብዕልኻትኩም ፈሪድኩም ክንኩም ስለ ዝፈጸምኩሞ ሕጊ ቤተ ክርስትያንን ቀኖና ቤተክርስትያንን ክፋረድኩም ኣብ ርእሲ ምዃኑ ፍርድኹም ዘይሕጋውን ኣብ ማንም ኣብያተ ክርስትያናት ዓለም ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፍለጥ'ውን እዩ። እዚ ወሲንኩሞ ዘለኹም መሰረት ኣልቦ ክሲ እሱ ዘይትነ ኣብዚ ሕጊ ቤተ ክርስትያን ኣብ ምሕላፍ ዝብጸሓኩም ድፍኢት ግን ኣነ ኣቐዲመ ንቤተ ክርስትያን ኣተ ድፍታዊ ድሜጥሮስ ዓ/እመን ክመርሓ ወይ ክመሓድራ ብሕጊ ቤተ ክርስትያና ፍጹም ክልኩል እዩ ጥራይ ስለዝበልኩ እዩ እቲ ሓቀኛ ምስጢር።

ስለዚ ውሳኔኹም ኣብ ጉባኤ ገዳማትን ኣድባራትን ሊቃውንት ኤርትራን ቀሪቡ ኣነውን ብኣካል ቀሪበ መልሲ ክይሃብኩሉ እዋ ውሳኔ ጉባኤ ህዝቢ ክይተሰምዐን ክምቲ ሕጊ ኦሪንታል ኣብያተ ክርስትያናትን ሕጊ ፍትሐ ነገሥትን ክምቲ ምስ ግብጻዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ዘለና 17 ዓንቀጽ ብምጥሓስን ናይ ሓንቲ ሃገር ቤተ ክርስትያን ፓትርያርክ ክኸሰስ ክሎ ናይታ ሓንቲ ፓትርያርክ ኣብቲ ጉባኤ ተረኺቡ ነቲ ክሲ ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ምዃኑ ውሳኔ ክይሃበሉ ፓትርያርክ ካብ መንበሩ ክም ዘይወርድ ኣብ ኩሉን ጽኑዕ ዘሎ እዩ፤ ነዚኸ ድኣ እበይ ትሰኹም ሓሊፍኩሞ ኢለኹም በዚ መሰረት ክምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ቀሪቡ ክረኣየሉ ይግባይ እብል።

ብፁዕ ወቅዱስ ቀዳማዊ ኣንጦንዮስ
3ይ ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዘኤርትራ
HIS HOLINESS ANTONYOS I
THIRD PATRIARCH OF ERITREA

ሀ. ናብ ጉባኤ ገዳማትን አድባራትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ።
ለ. ናብታ ብሓዋርያዊ እምነት ሰንሰለት ኣደ ዝኾነት ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ግብጺ ይግባይ ኢለ ኣለኹ።

እዚ ኹሉ ነቲ ድፍኢት ኣቶ የፍታሄ ድሜጥሮስ ክዊልኩም ብጸሎ እዩ ዝበልኩም በዘም ዝጠዋስኩምዎ ሕጋጋት ተራእዩ ክሳብ ዘይተመለሰ።
ሀ. ፓትሪያርክ
ለ. ኤጲስቆጶሳት፣ጳጳሳት፣ ካህናት ዲያቆናት፣ ከይተሸሙ ብስልጣን ኣብነ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣውግዝ ኣለኹ። ብዑፅ ኣብነ ዲያስቆሮስ ነዚ ሕጊ ተመልኪትኩም ክትእረሙ የፍልጠኩም።

ነዚ ኹሉ ኣብ ቤተ ክርስትያን ሕንፍሽፍሽ ዝፈጥር ዘሎ ኣቶ የፍታሔ ድሜጥሮስ ስለ ዝኾነ በዚ ዘለዎ ስልጣን ምምሕዳር ቤተ ክርስትያን ከይሰርሕ ውጉዝ ይኹን ኢለ ኣለኹ።

ከምኡውን ቀሺ ሃብቶም ርእሶም ም/ጸሓፊ ሲኖዶስ ኣብ ልዕሊ ስልጣን ፓትሪያርክ እትጽሕፎ ዘለኻ ዘይሕጋውን ድፍረት ዝመልኦ ዘይሕጋውያን ቃላትን ካብ ዕለት 8/05/1998 ዓ/ም/ግ/ ብዲቁና ይኹን ብኸህነት ከምኡውን ብኻልእ ኣገልግሎት ቤተ ክርስትያን ከይተገልግል ኣውጊዘካ ኣለኹ።

እዚ ዝሰደድኩም ዘለኹ ኣብያተ ክርስትያናት ኣብ ዝበጻሕኩም ግዜ ናብ ህዝቢ ከተንብብዎ ብሀያው እምላኽ እማሕጸነኩም ኣለኹ።

እግዚኣብሔር ንቤተ ክርስቲያና ሰላሙ ይሃብ
ንኤርትራ ሃገርና ይባርኽ

ቅዳሕ፦
1. ንክፍሊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኤርትራ
2. ንገዳማት ኤርትራ
3. ንጉባኤ ሊቃውንት ቤት ጽሕፈት(ሳንቡር)
4. ክፍሊ መንፈሳዊ ፍርዲ መ/ፓትሪያርክ
5. ክፍሊ ምም/ዓ/ሲ/ምም/መ/ፓትሪያርክ
6. ክ/መ/ትምህርቲ
7. መዝ/ቤት መ/ፓትሪያርክ
8. ክ/ሕጊ ቤት/ጽሕፈት/ምም መ/ፓትሪያርክ
9. ምቁጽጻር መካይን ምምሕዳር መ/ፓትሪያርክ
10. ኣድባራት ኣስመራ
11. ኣስመራ ሃገረ ስብከት
12. ንኹሉን ሃገረ ስብከታት
13. ንኹሉን ኣሬንታል ኣብያተ ክርስትያናት
14. ንስርሀ ጉባኤ ጺብረ መዊእ ሰቡ ኣሬጋዊ ማይተመናይ

ብፁዕ ወቅዱስ ተዋሕዶ አንጦንዮስ
3ይ ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዘኤርትራ
HIS HOLINESS ANTONYOS 1
THIRD PATRIARCH OF ERITREA